



**ብሃይለ መንገሻ ዑቕበ**

# ኣብ ጉዳያት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ ታሪኽ ተማራማሪ ዝቐረበ ምላሽን ታሪኻዊ ደኮመንትን።

**መይ 28፡ 2017**

# ህዳሴ ኢትዮጵያ

## ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ኤርትራ፡ ሕጂ ካበይ ይገኑ?

**ክፋል - 1**

> ❝ አሁን ያሉት የኤርትራ መንግስት ተቃዋሚዎች ሲታዩ ልክ እንደ የኛዎቹ ተቃዋሚዎች ውጭ አገር ሆኖው ያለምንም መስዋዕትነት በሆነ ተዓምር ሻዕብያ እንዲወድቅላቸው የሚፈልጉና ሰተት ብለው ስልጣን ለመያዝ የሚፈልጉና እርስ በርሳቸው የማይስማሙ ናቸው። . . . . . ❞

የሻዕቢያ ትንኮሳና ኣብዮታዊ ዴሞክራሰ
ኣፕሪል 1፡ 2017

ክቡራን ኣዳለውቲ ህዳሴ ኢትዮጵያ፡ ሰላምታይ ተቐበሉ።

ኣብ ዓይጋፎራም.ኮም፡ ኣብ ኣፕሪል 1፡ 2017 ቅልየት ዝረኸበ፡ "የሻዕቢያ ትንኮሳና ኣብዮታዊ ዴሞክራሰ" ዘርእስቱ፡ ከህዳሴ ኢትዮጵያ፡ ሚያዝያ 1፡ 2009 ዓ.ም. ዝተዳለወ ጽሑፍኩም ብዓቢ ተገዳስነት ኣንቢበዮ። እዚ ኣብ ላዕሊ ኣስፊረዮ ዘለኹ ጥቕሲ፡ ኣብ ገጽ 27 ዘሎ ጽሑፍ'ዩ።

ጽሑፍኩም ሓያሎ ታሪኻዊ ውከሳታት ብምግባር፡ ዝጸንሐን ዘሎን ፖሊሲታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ ብደቂቑ ይትንትን።  ጹሑፍኩም፡ ኣብ መወዳእታ፡ ብሓፈሻ ንኤርትራውያን ብፍላይ ድማኒ ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ጥቅሲ፡ ኢ-ፍትሓዊ ብዝኾነ ኣገባብ ስለዘነኣኣሶም፡ ከም ኤርትራውን ከም ተማራማሪ ታሪኽን መጠን፡ እንሆ ምላሽ የቕርበልኩም።

ክቡራን ህዳሴ፡ ጽሑፍኩም ብኸቢድ ኣስሚሩሉ ዘሎ ነጥቢ፡ ኣብዚ እዋን ህዝባዊ ከተትን ደሞክራሲያዊ ሓይልን ዝኾነ ናይ ኤርትራ ተቓውሞ ኣንጻር ፋሺስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ቦኹሩ ምህላዉ ኢዩ። ኣብዚ ነጥቢ፡ ንስኹም ኮነ ኣነ፡ ኣማን ብኣማን ንሰማማዕ ኢና።

ስለምንይ ኣብዚ እዋን፡ ህዝባዊ ከተትን ደሞክራሲያዊ ሓይልን ዝኾነ ናይ ኤርትራ ተቓውሞ ክህሉ ዘይከኣለ? ንዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ትኽክለኛ መልሲ ንምሃብ፡ ዝነበረ ታሪኽን ዘሎ ወድዒታትን ገላሊህና እንተዘይፈታቲሽናዮም፡ ናብ ፍረ ቢስ ስራሕ ምምላስ ጥራይ'ዩ ውጽኢቱ።

ክቡራን ህዳሴ፡ ንሕና ኤርትራውያን፡ ሕጂ ህዝባዊ ከተትን ሓያል ደሞክራሲያዊ ተቓውሞን ክንውንን ዘይምኽኣልና፡ ጠንቁ ኣሉታዊ ጣልቃዊ ምትእትታው ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ጉዳያት ሰውራ ኤርትራ ምኻኑ፡ የዐርየ ከስምረልኩም እፈቲ።

ቀሪበዮ ዘለ ምላሽን ታሪኻዊ ደኮመንትትን፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ጉዳያት ሰውራ ኤርትራ ዝፈጸሞ ኣሉታዊ ጣልቃዊ ምትእትታው ከመይ ይመስሉ ኔሮም? . . . ብኸመይ ደረጃ ተፈጺሞም? . . . ዝወረደ ሃስያ ኣብ ልዕሊ ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ናይ ኤርትራ . . . ዝሰዓቡ ምግምማዕት ናይ ደሞክራሲያዊ ሓይሊ . . . ብሱሩ ዳህሲሱ ዘቕርብ ስነ ጽሑፍ'ዩ።

## 1.1 ድርብ መጥቃዕትታት

ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ጀብሃ) ንምጥቃዕ ከምኡ'ውን ንጀብሃ ካብ ሜዳ ኤርትራ ጠቕላልኡ ንምጽራግ ዝተገብሩ ድርብ መጥቃዕትታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን፡ ኣብ ፈብሩዋሪ፡ 1980 ጀሚሮም ኣብ ማርች፡ 1981 ተዛዚሞም።

እቲ ኲናት፡ ካብ ሰሜን ኤርትራ ክሳብ ደንካልያ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ፡ ንዓመት ድሕሪ ምክያዱ፡ ኣብ መወዳእታ ጀብሃ ተደፊኣም ንሱዳን ስለዝኣተዉ፡ እቲ ኲናት ደው ክብል ከኣለ።

ጀብሃ፡ ቅድሚ ንሱዳን ተደፊኦም ምእታዎም፡ ነቶም ብመካናይዝድ ሓይልታት ናይ ህዝባዊ ግንባር ዝተጠናኸሩ ድርብ መጥቃዕትታት ናይ ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን፡ ንዓመት ምሉእ መኪቶም ኣጽኒሖሞም ኢዮም።


ጀብሃ፡ ንእለቱ ኩርምሽ ዘይምባሎምን ንድርብ መጥቃዕትታት ንዓመት ምጽዋሮምን፡ ክልተ ነገራት ብጭብጢ ክበርሃልና ይኽእል።

1ይ፡ ጀብሃ፡ ብቀሊሉ ብትንትን ዝብሉ ዘይኮኑስ ጥንኩራት ምንባሮም የመልክት።

2ይ፡ ጅብሃ፡ ገዚፍ ውድብ ምንባሩ ይሕብር። ጀብሃ፡ ገዚፍ ውድብ ብምንባሩ'ዩ ብቐሊሉ ኣብ ሓጺር ግዜ ብትንትን ኣይበለን።

ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ብግረጎራያዊ ካላንደር፡ ኣብ ጁን 21፡ 1991 ንኢትዮጵያ ካብቲ ሰብ በለዕ ስርዓት ደርግ ቅድሚ ሓራ ምግባሩ፡ ኣብ ጉዳያት ኤርትራ ዝፈጸሞ ኣሉታዊ ጣልቃዊ ምትእትታው፡ ንዓና ኤርትራውያን ኣዚዩ ሃሲዩና ኢዩ። ንኤርትራውያን ብቻ ዘይኮነ እንተላይ ንኢትዮጵያ ዝሃሰየ ኢዩ። ከመይ'ሲ መዘዙ፡ እንሆ ንኽልቲኤና ክሳብ ሕጂ ከም ሳዕሪ ሮማዲ እናቐጸለ፡ የድምየና ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ጸረ ፋሺስታዊ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝኾነ ህዝባዊ ከተት ደሞክራሲያዊ ምልዕዓል ናይ ኤርትራ ንኽበኩር፡ ኣሉታዊ ጣልቃዊ ምትእትታው ህዝባዊ ወያነ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ፡ ከስመረልኩም እፈቱ።



# ስብሓት ኤፍረም

**ብምስጢር ናብ ትግራይ ብምብጻሕ፡ ህዝባዊ ወያነ ምስ ህዝባዊ ግንባር ብምትሕብባር፡ ንጀብሃ ከጥቅዕዎምን ጠቕላልኡ ካብ ሜዳ ኤርትራ ጸሪጎም ከውጽእዎምን ምስጢራዊ ዕድመ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ናብ መሪሕነት ህወሓት ዘቕረበ ኤርትራዊ'ዩ።**

## 1.2 ዘቤታዊ ኢድ

**"ውሻ ብቀደደው ጅብ ይገባል" ከምዝብሃል፡ ህዝባዊ ወያነ ኣብ ጉዳይ ሰውራ ኤርትራ ዝፈጸሞ ኣሉታዊ ጣልቃዊ ምትእትታው ንኽፍጸም ማዕጾ ዝኸፈተን ናይቲ ምስጢራዊ ስራሕ ዋና መሃንዲስ ዝነበረን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ከምዝነበረ፡ ዘቤታዊ ኢድ ብዋነኛነት ተራ ከምዝነበሮ ከቶ ክንስሕቶ ኣይግባእን። ኩሉ ሓጥያት ናብ ህዝባዊ ወያነ ከነሰክሞ፡ ካብ መሰረቱ ቅኑዕ ኣይኮነን።**

**ቀቅድሚ ድርብ መጥቃዕትታት ምጅማሮም፡ ጀብሃ ብህዝባዊ ግንባር ክጥቅዑ ምኻኖም፡ ብሰሚናራት ንኹሎም ሰራዊትን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብዕሊ ተገሊጾም ነበሩ።**

ኣብቶም ሰሚናራት፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ናይ መጥቃዕቲ ስጉምቲ ዝወስደሉ ዘሎ ምኽንያት ብኸምዚ ተገልጹ። "ጀብሃ ብመንግኸኘነት ሶቬት ሕብረት ምስ ደርግ ዘተ ከምዝጀመሩ፡ ደርግ ብቐድሚት ጀብሃ ከኣኒ ብድሕሪት ንህዝባዊ ግንባር ከጥቅዑ ተሰማሚዖም ኣለዉ።" ተባሂሉ፡ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብሓሶት ተገልጸሎም።

ኣብቶም ሰሚናራት ክትዓት፡ ሕቶታት ወይ ተቓውሞታት ፈጺሞም ኣይተገብሩን። ኣዚዩ ዝሑል ዝኾነ ዕላዊ መግለጺ ተዋሂቡ፡ ሰሚናር በቃ ተደምደመ። ኣነ ንባዕለይ፡ ኣብቲ ኣብ ሕሽክብ፡ ንክፍልታት ዝተገብረ ዓቢ ሰሚናር፡ ምስ ካልኦት ኣሽሓት ተጋደልቲ ኮፍ ኢለ፡ ተሳቲፈ ኢየ። ኣብቲ ናይ ሕሽክብ ሰሚናር፡ ካብ ተጋደልቲ ምንም ዓይነት መልሰ ተግባር ኣይተራእየን። ሰሚዕና ነናብ ቦታና ኬድና፡ በቃ!

ኣብ ምሉእ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ክንዮ ዜበታዊ ኢድ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ጎኒ ህዝባዊ ግንባር ኣብቶም መጥቃዕትታት ከምዝተሳተፉ ዝፈልጥ ማንም ተጋዳላይ፡ ኣዛዚ ሰራዊት ወይ ኣባል ፖሊት ቢሮ ኣይነበረን። ነዚ ምስጢር ዝፈልጡ፡ እዚኦም ብቻ ኢዮም።

1ይ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ።  
2ይ፡ ስብሓት ኤፍረም።  
3ይ፡ 70 ኣባላት፡ Eritrean People's Revolutionary Party (EPRP)።

EPRP፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1974፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብስዉር ንበይኑ ዝመስረቶ ሕቡእ ናይ ስለያ ሰልፊ ኢዩ።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል።

## 1.3 ሃታ ሃታ ኢሳያስ

ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝተወጠነ ፕላን፡ ንጀብሃ ኣጥቂዕኻ፡ ጠቕላላኡ ካብ ሜዳ ኤርትራ ጸሪግካ ንሱዳን ከምዝኣትዉ ምግባር ነበረ።
- ሓደ ሰውራ፡ ብዘየገድስ ግዝፉ ወይ ህዝባውነቱ፡ ብካባኡ ዝገዘፉ ጽምዲ ሓይልታት፡ ካብ ጉንዱ እንተተሃሪሙ፡ እቲ ውድብ ሓደ ኣፊቱ ኣሃዳዊ ሓድነቱ ከምዝፈርስ፡ ኢሳያስ ይፈልጥ ነበረ።

- ሓደ ሰውራ፡ ብውሽጣዊ ወይ ብግዳማዊ ሓይሊ፡ ካብ መሬቱ ተፈናቒሉ ጠቕላልኡ ናብ ጎረቤት ሃገር እንተኣቲዩ፡ እቲ ውድብ ማርሻ እንዴትሮ ጌሩ፡ ናብ ዝነበሮ ደረጃ ምዕባሌ ከቶ ክምለስ ከምዘይክእል፡ ኢሳያስ ብተወሳኺ ጽቡቕ ጌሩ ይፈልጥ ነበረ።

እቲ ኣብ 1980 - 81፡ ኣብ ልዕሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሓንጸጸ ፕላን ናይ ኢሳያስ፡ ነዘን ዝጠቐስክወን ክልተ ዕላማታት ንምርግጋጽ ነበረ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ንሓንሳብን ንሓዋሪቱን ካብ ሜዳ ኤርትራ እንተኣልጊሳ፡ ኢሳያስ ንኤርትራ ተቓናቓኒ ዘይብሉ፡ ንበይኑ ከምዝብሕታ የዐርዩ ስለዝፈልጥ፡ ነቲ ፕላን ብተሎ ከጅምሮን ከሳልጦን ተበገሰ።

ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ 1975፡ ኣብ ደደቢት ድሕሪ ምውላዱ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመቱ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ቀልጢፉ ዓርሞሸሻዊ ሓይሊ ስለዝዝኾነ፡ ኢሳያስ ነዚ ጎሊያድ ሓይሊ ህዝባዊ ወያነ፡ ግዜ ከየምለጠ ከሎ ክጥቀመሉ፡ ህዝባዊ ወያነ'ውን ከይጎርሑ ከለዉ ኣብ ድርብ መጥቃዕትታት ከዋፍሮም፡ ተቐላጠፈ።

## 1.4 ሰለሎ ናይ ድርብ መጥቃዕትታት

ንሕና ኤርትራውያን፡ ኣብ 1961 ዝጀመርናዮ ሰውራ፡ መላእ ሓርነታውን ደሞክራሲያውን ራህዋታት ንምርካብ ነበረ። ኮይኑ ግን ኣብ መበል ዕስራ ዓመት ሰዊት ዕድሜ፡ እቲ ደሞክራሲያዊ ሰውራ ብህዝባዊ ግንባርን ብህዝባዊ ወያነን ስለዝተጎርሸ ዛጊት ራህዋ ተሓሪሙና ይርከብ።





**ኣብ ድርብ መጥቃዕትታት ናይ 1980 - 1981**
**ብህዝባዊ ግንባርን ብህዝባዊ ወያነን ዝተማረኹ ጀብሃ።**

**ኣብ ድርብ መጥቃዕትታት፡ ሽሾ ተጋደልቲ ናይ ጀብሃ ተማረኹ። ካብዞም ሽሾ ምሩኻት፡ ኣብዝሕቶም ብኢድ ህዝባዊ ወያነ ድሕሪ ምምራኽ ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተስተለሙ POWs ነበሩ።**

**ህዳሴ ኢትዮጵያ፡ ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ኤርትራ፡ ሕጂ ካበይ ይገኑ? ደጊም፡ ንናይ ኤርትራ ተቓወምቲ ውድባት ምንእኣስ “የኣዞ እንባ ማንጠብጠብ” ብቻ ኢዩ።**

**EPRP፡ ኣብ 1974 ድሕሪ ምምስራቱ፡ ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ 1ይ ጉባኤ ገበረ። 1ይ ጉባኤ EPRP፡ ካብ ሰፕተምበር 29 ክሳብ ኦክቶበር 3፡ 1976፡ ንሰለስተ መዓልቲ፡ ብምስጢር ኣብ ፍሽይ ምራራ ተገብረ።**

**ኣብዚ ጉባኤ፡ 50 ዝኾኑ ቴልመዴንን ዘይቴልመዴንን ኣባላት EPRPን ኣብዝሕቶም መሪሕነት ህዝባዊ ግንባርን ተረኽቡ። ነቲ 1ይ ጉባኤ ኣቦ ወንበር ኮይኑ ዝመርሕ ዝነበረ፡ ሃይለ ወልደትንሳኤ ብዘልማድ "ድሩዕ" ዝተባህለ ኣባል ላዕለዋይ መሪሕነት ነበረ። ኢሳያስ ከኣኒ ብጎኒ ኮፍ ኢሉ፡ ተዓጣቓይ ዳስ ነበረ።**

**ኣብቲ 1ይ ጉባኤ EPRP፡ ጉዳይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ጉዳይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ከም ኣርእስትታት ንዘተ ተላዕሉ። መቸም፡ ንዝኾነ ዘተ፡ ኩሉ ግዜ ኢሳያስ ኢዩ ደምዳሚ። ኣብቲ ጉባኤ፡ ኢሳያስ ዝደምደሞም ንስማዕ!**

<u>**ጉዳይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ።**</u>

**“. . . ክሳብ እግርና ንደላደል ኢና እምበሪ፡ ምስዚኦም ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና። . . .”**

<u>**ጉዳይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ።**</u>

**“. . . እዚኣተን ኣበይ ከምዝበጽሓ ክንርኤን ኢና። እዚኣተን ጎራሓት ኢና በሃልቲ ስለዝኾና፡ ክንርኤን ኢና'ስከ ኣበይ ከምዝበጽሓ ! . . . ”**

ኢሳያስ፡ ሽዑ ነቲ ጽሕፍቶ ናይ ጀብሃ ብትኽኽል ኣንበቦ። እንተ ኣብቶም ህዝባዊ ወያነ ሽታሕ በሎ። ኣብ ፍሽይ ምራራ፡ 1ይ ጉባኤ EPRP ክካየድ ከሎ፡ ህዝባዊ ወያነ ዕድሚኦም ዓመትን ፈረቓን ብቻ ነበረ።

የኣንከ፡ ሰለስተ ዓመት ድሕሪ ፍሽይ ምራራ፡ ኩነታት ወየንቲ፡ የዊንቲ ቻርለስ ዳርዌን ዘፍጥጥ፡ ተፈጥሮ ዝሓረዮም ምሩጻት ዘርኢ ኮይኖም፡ ብዘገርም ኣብዛ ዓለም ሰሰኑ። ህዝባዊ ወያነ፡ ዓርሞሽሻዊ ሓይሊ ንክኾኑ 5ተ ዓመት ብቻ ወሰደሎም። ጀብሃ ኮነ ሻዕብያ፡ ዓርሞሽሽ ክኾኑ ልዕሊ 15 ዓመት ኢዩ ወሲዱሎም።

ብሓቂ፡ ኣብ 1980፡ እግሪ ህዝባዊ ግንባር ዘይኮነስ እግሪ ህዝባዊ ወያነ'ዩ ኣጸቢቑ ዝተደላደለ። "ክሳብ እግርና ንደላደል ኢና እምበሪ" እቲ ኢሳያስ ኣብ ፍሽይ ምራራ ዝበሎ፡ መዓልቱ ኣኸለ። ኢሳያስ፡ ብምስጢር ንስብሓት ኤፍረም ናብ መሪሕነት ህወሓት ለኣኸ። ብቅጽበት ድማኒ ድርብ መጥቃዕታት ሰዓቡ።

## 1.5 ናይ ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሴ ጋህዲ ፩ይን ፪ይን

ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሴ፡ ደራሲ ጋህዲ ፩ይን ፪ይን ዘርእሰተን መጻሕፍቲ ኢዮም። ኣቶ ኣስገደ፡ ሓደ ካብቶም ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝመስረቱ 11 ፊተውራርያን ኢዮም። ኣቶ ኣስገደ፡ ኣብዚ እዋን፡ ኣባል ዓረና ትግራይ ንደሞክራስን ንልዑላውነትን ዝባሃል ሕጋዊ ተቓዋሚ ሰልፊ ናይ ክልል ትግራይ ኢዮም።

ኣቶ ኣስገደ፡ ንዘሎ ምሕደራ ህወሓት ኣሻፈረኝ ብምባል፡ ኣብ ህወሓት ዝተፈጸሙ ምስጢራት እንተላይ ህዝባዊ ግንባር ነክእ ምስጢራት፡ ኣብ ደባትሮም ዘቃልዑ ደራሲ ኢዮም።

ምስ ፖለቲካዊ መርገጺታት ናይ ኣቶ ኣስገደ ብሱሩ ኣይቃዶን ኢየ። ኮይኑ ግን ኣቶ ኣስገደ፡ ንዓና ኤርትራውያን ዝዓብስ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብህዝባዊ ወያነ ተዓሺጎም ዝጸንሑ ምስጢራት፡ ህዝባዊ

ግንባርን ህዝባዊ ወያነን ብትብዓት ዘቃልዑ ኣባል ላዕለዋይ መሪሕነት ህዝባዊ ወያነ ነበር ብምዃኖም፡ ሎሚ ብትሕትና ናይ ክብሪ ሰላምታይ ይደፍኣሎም።

ዕድሚኦም ምሉእ፡ ኣዛዚ ሰራዊት ኣብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኮይኖም ዝገልገሉ ኮማንደር ነበር ኣቶ ኣስገደ፡ ኣብ ደባትሮም ጋህዲ ፩ይን ፪ይን፡ ንዓና ኤርትራውያን ዝምልከት፡ እዞም ዝስዕቡ ምስጢራት ኣቃሊዖም።

## 1.6 ምስጢራት ኮማንደር ነበር ኣስገደ

ምስጢር ቁ. 1

ህወሓት፡ ንጀብሃ ንምጥቃዕ 6,000 ህዝባዊ ወያነ ናብ ውሽጢ ኤርትራ ከምዘዝመተ፡ ኮማንደር ነበር ኣቃሊዖም።

ምስጢር ቁ. 2

እቶም ናብ ውሽጢ ኤርትራ ዝኣተዉ 6,000 ህዝባዊ ወያነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተጋሩ ምዃኖም ከየለልዮም፡ 6,000 ኮንጎ (ሽዳታት) ካብ ሱዳን ተዓዲጎም፡ ነቶም ህዝባዊ ወያነ ከምዝተዓደሎም ኮማንደር ነበር ኣቃሊዖም።

ከም ንቡር፡ ህዝባዊ ወያነ ኮንጎ ዘይኮነስ ካብ ማእሲ ዝስርሑ "ጥላም" ዝበሃሉ ጫማውቲ ይወድዩ ነበሩ። እምባርከስ ጥላም ንምኸዋሎም ኮንጎ ተዓደሉ።

ምስጢር ቁ. 3

70 ተጋደልቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ውሽጢ'ቶም 6,000 ህዝባዊ ወያነ ተወዚዖም፡ ነቶም ህዝባዊ ወያነ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይመርሕዎም ከምዝነበሩ፡ ብተወሳኺ እቶም ተጋደልቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቶም 6,000 ህዝባዊ ወያነ ከምተርጎምቲ የገልግልዎም ከምዝነበሩ፡ ኮማንደር ነበር ይገልጹ።

ህዝባዊ ወያነ ዝፈጸሞም ኣሉታዊ ጣልቃዊ ምትእትታው ኣብ ጉዳይ ሰውራ ኤርትራ፡ ክሳብ ክንደይ ምስጢራዊ ዝኾነ ጸሊም ስራሕ ምንባሩ፡ እንሆ ካብ ደባትር ኮማንደር ነበር ክንመሃር ንኽእል ።

## 1.7 መብርሂ ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ንምስጢራት ኮማንደር ነበር ኣስገደ

ኣነ ብወገነይ እዞም ዝስዕቡ መብርሂታት፡ ንምስጢራት ኮማንደር ነበር ኣስገደ ክውስኽሎም እፈቱ።

### ምስጢር ቁ. 2፡ ምንጪ 6,000 ኮንጎ

ኮማንደር ነበር ዝተጠቕሱዎ 6,000 ኮንጎ፡ ካብቲ ኣብ ሳሕል ተተኺሉ ዝነበረ ፋብሪካ ኮንጎ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተፈብሪኾም፡ ኣብ ኣኽያሽ ተመሊኦም፡ ብEPRP ብምስጢር ኣብ ማኻይን ተጻዒኖም፡ ካብ ሳሕል ናብ ትግራይ ትራንስፖርት ዝተገብሩ ነበሩ። እቶም EPRP ግን ንህዝባዊ ወያነ፡ እቶም 6,000 ኮንጎ ካብ ሱዳን ዝተገዝኡ ምዃኖም ኢዮም ገሊጾሙሎም።

### ምስጢር ቁ. 3፡ ጉዳይ "ተርጎምቲ"

ኮማንደር ነበር፡ ምስቶም 6,000 ህዝባዊ ወያነ ዝተወዝዑ፡ "ከምተርጎምቲ" ኢሎም ዝገለጽዎም 70 ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝኣተዉ 6,000 ህዝባዊ ወያነ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ትግራዎት ምዃኖም ብላህጃኦም(Accent) ከይፈልጥዎም፡ ናይ ላህጃ ሽፋን ንኽገብሩሎም ኢዮም፡ ምስቶም ህዝባዊ ወያነ ተወዚዖም ዝነበሩ።

ኣብ ዝኾነት ዓዲ ናይ ኤርትራ፡ እቶም EPRP ማለት እቶም ተጋደልቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር ብቻ ኢዮም ምስ ህዝቢ ክራኸቡን ክዘራረቡን ፍቓድ ዝተዋህቦም።



ንድርብ መጥቃዕትታት ዝውዕሉ 6,000 ኮንጎ
ብEPRP ብምስጢር ኣብ ማኻይን ተጻዒኖም
ካብ ሳሕል ናብ ትግራይ ትራንስፖርት ተገብሩ።

## <u>ምስጢር ቁ. 3፡ "70 ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር"</u>


ኮማንደር ነበር ዝገለጽዎም፡ ምስቶም 6,000 ወየንቲ ተወዚዖም ዝነበሩ "70 ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር" ብምሉኦም EPRP ነበሩ።

ጉዳይ ድርብ መጥቃዕትታት፡ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ወያነን፡ ነቲ ምስጢር ዝፈልጡ . . . ነቲ ዕማም ብምስጢር ዝዓሙ (ንኣብነት ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ሰሚናራት ዘካየዱ) . . . 6,000 ኮንጎ ብማኻይን ካብ ሳሕል ናብ ትግራይ ትራንስፖርት ዝገብሩ . . . ንህዝባዊ ወያነ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝመርሑ ወዘተረፈ፡ ኩሎም ብምልኦም EPRP ኢዮም ዝነበሩ። በዚ ምኽንያት'ዩ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ መጥቃዕቲ ጀብሃ፡ ድርብ መጥቃዕትታት ምንባሩ፡ ተጋደልቶም ኮነ መራሕቶም ጠቕላልኡ ዘይፈልጡ።

እቶም 6,000 ተዋጋእቲ ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ 12 ቦጦሎኒታት ነበሩ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ቦጦሎኒ ናይ ህዝባዊ ወያነ፡ ሽዱሽተ EPRP ተወዚዖም ነበሩ።

ነቶም 12 ቦጦሎኒታት ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ዝገብርዎ ዝነበሩ መጥቃዕትታት ደገፌታ ዝህቡ መካናይዝድ ኣሃዱታትን ታንክታን ናይ ህዝባዊ ግንባር ኔሮም ኢዮም። እዞም መካናይዝድ ኣሃዱታትን ታንከኛታትን ናይ ህዝባዊ ግንባር እውን ጨሪሾም ድርብ መጥቃዕትታት ምንባሩ ኣይፈልጡን ኢዮም።

እዞም መካናይዝድን ታንከኛታትን ናይ ህዝባዊ ግንባር ምስቶም ቦጦሎኒታት ናይ ህዝባዊ ወያነ፡ ፈጺሞም ኣካላዊ ምትሕውዋሳት ይገብሩ ኣይነበሩን። ንሶም ርክባቶም ምስቶም 70 EPRP፡ ብማዕዶ ብወተሃደራዊ ሬድዮታት ኢዩ ዝነበረ። እዞም መካናይዝድን ታንከኛታትን ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ንብጾቶም ንሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ደገፌታ ይገብሩ ከምዘለዉ ኢዮም ዝፈልጡ፡ በቃ!






**ደራሲ ኣቶ**
**ኣስገደ ገብረስላሴ**

***<u>ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሴ ደራሲ ናይ ጋህዲ ፬ይ</u>***
***ምስጢራት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን ኣብ ድርብ መጥቃዕትታት፡ ንመጀመርያ ግዜ ብደረጃ መጽሓፍ ዘቃልዑ ናይ ህዝባዊ ወየነ ሓርነት ትግራይ ኮማንደር ነበር ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሴ።***

## 1.8 ሰሜናውን ደቡባውን ድርብ መጥቃዕትታት

**ህዝባዊ ወያነ፡ ካብ ጫፋት ናይ ደቡባዊ ደንካሊያ ጀሚሮም ካብ ደንካሊያ፡ ካብ እከለ ጉዛይ፡ ካብ ሰራየ፡ ካብ ደቡባዊ ባርካ ንጀብሃ እናጸራረገ፡ ኣንፍታቶም ንሰሜናዊ ምዕራብ ብምቅናዕ፡ ንጀብሃ ናብ ዶብ ሱዳን ገጾም ይደፍእዎም ነበሩ።**




<u>ድርብ መጥቃዕትታት</u>።

**ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ሰሜን ኤርትራ ጀሚሮም ካብ ሳሕል፡ ካብ ሰንሒት፡ ካብ ሰምሃር፡ ካብ ሰሜናዊ ባርካ ንጀብሃ እናጸራረገ፡ ኣንፍታቶም ንደቡባዊ ምዕራብ ብምቅናዕ፡ ንጀብሃ ናብ ዶብ ሱዳን ገጾም ይደፍእዎም ነበሩ።**

**ኣብ ኣጋ መወዳእታ ናይ ሰሜናውን ደቡባውን ድርብ መጥቃዕትታት፡ ጀብሃ ኣብ ግርማይካ እናተኣከቡ ከዱ። መጨረሽትኡ ጀብሃ ካብ ግርማይካ ናብ መሬት ሱዳን ኣተዉ።**

እቶም ኣብ ሰሜናዊ ኤርትራ፡ ንጀብሃ ዘጥቅዑ ዝነበሩ ሓይልታትን ኣዘዝትን ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ህዝባዊ ወያነ ኣብ ደቡባዊ ሽነኽ ናይ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ተደራቢ መጥቃዕትታት የካይዱ ከምዝነበሩ ፈጺሞም ይፈልጡ ኣይነበሩን።

ኣጥቃዕቲ ሓይልታት ናይ ህዝባዊ ግንባር ምስ ኣጥቃዕቲ ሓይልታት ናይ ህዝባዊ ወያነ፡ ዝኾነ ዓይነት ኣካላዊ ምትሕውዋሳት ይገብሩ ኣይነበሩን።

ድሕሪ ክይዲ ናይ ዓመት ድርብ መጥቃዕትታት ናይ ህዝባዊ ግንባርን ናይ ህዝባዊ ወያነን፡ ጀብሃ ተደፊኦም ናብ መሬት ሱዳን ክኣትዉ ጀመሩ። ጀብሃ ተደፊኦም፡ ናብ መሬት ሱዳን ኣብ ዝኣትውሉ ዝነበሩ ግዜ፡ ኣብ ጀብሃ ምግምማዕ ክኸሰት ጀመረ።

መጀመርያ፡ ብዓብደላ እድሪስ መሓመድ ዝምራሕ ግማዕ ጀብሃ፡ ሱዳን ድሕሪ ምእታው፡ ካብ ከተማ ከሰላ ንሰሜን ርሕቕ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ራሳይ ዝተባህለ ብሕቱው በረኻ ሱዳን ዓስከሩ።

ቀጺሉ፡ ሰራዊትን ክፍልታትን ጀብሃ፡ ካብ ከሰላ ንሰሜናዊ ምብራቕ ወገን ምሕድግ ኣብ ዝበሉ፡ ኣብ ኮረኮን ከምኡ ድማኒ ኣብ ታህዳይ ዝተባህሉ ክልተ በረኻታት ናይ ሱዳን ተዓቑቡ። ድሕሪ'ዞም ፍጻሜታት፡ ኲናት ድርብ መጥቃዕትታት ደው በሉ።

## <u>1.9 ህዝባዊ ግንባር፡ ንበይኖም ንጀብሃ ምሰዓርዎም'ዶ?</u>

ኣይምሰዓርዎምን'ዩ፡ እቲ መልሲ።

ጀብሃ፡ መዳርግቲ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ዓቢ ወድብ ኢዩ ኔሩ። ኣብ መላእ ኤርትራ፡ ካብ ሳሕል ክሳብ ደንካሊያ፡ ዓቢ ዝርጋሐ ጌሩ ዝነበረ ውድብ'ዩ። ብቐሊሉ ብሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ብቻ ዝፈርስ ወድብ ኣይነበረን።

ህዝባዊ ግንባር በይኖም ንጀብሃ ከጥቅዕዎም ተዝፍትኑ፡ ከይዶም ከይዶም ክልቲኦም ኣብ ጃላነት (Stalemate) ዝተጸምዱ ተቐናቐንቲ ኮይኖም ምተረፉ ኔሮም።


ታኼላ ጃላነት እሞ ኸኣ፣ ምስ ኤርትራውያን የሕዋቶም፡ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዓቢ ሞራላዊ ውድቀት መስዓበ ኔሩ። ኢሳያስ፡ ሓደጋ ናይ ጃላነት ገምጊሙ'ዩ፡ ምስ ህወሓት ተመሳጢሩ ክፍጽሞ ዝበቕዐ። ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ በይኖም'ሲ ኣምበይምሰዓርዎምን።

ኢሳያስ፡ ምስ ህወሓት ብምስጢር ዘይኮነ ብግልጺ ንጀብሃ ምጥቃዕ ዓቢ ወንጀል ምዃኑ ኣጸቢቑ ይፈልጥ'ዩ። ከምኡ ምግባር፡ ኣብ ሰራዊቱ ዓቢ ጸገም ክገብረሉ ከምዝኽእል ኣጸጺዩ ገምጊምዎ'ዩ። ስለዚ ኢሳያስ፡ ካብ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ተሓቢኡ፡ ምስ ህዝባዊ ወያነ ብምስጢር ተሰማሚዑ'ዩ፡ ነቶም ድርብ መጥቃዕትታት ፈጺምዎም። ሓሸኻ ሰራዊቱ ግን በይኖም ንጅብሃ ከምዝሰዓርዎም ኢዮም ዝፈልጡ።

<u>2.0 ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካበይ፡ ናበይ! እንታይ ይብል</u>?

"ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካበይ፡ ናበይ! [ገምጋም]"፡ ኣብ 1986፡ ብህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ተሓቲሙ፡ ናብ ህዝብን ተጋደልትን ናይ ትግራይ ከምኡ'ውን ናብ ህዝብን ውድባትን ናይ ኤርትራ ዝተዘርግሐ፡ ንሰውራታት ኤርትራ ዝምልከት ዕላዊ ደብተር ናይ ህወሓት ኢዩ።

እቲ ዕላዊ ደብተር፡ ብዛዕባ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝተወሃሃደ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ጀብሃ፡ ካብ ገጽ 47 ጀሚሩ ክሳብ ገጽ 92፡ ኣርባዓን ሓሙሽተን ገጻት ዝመረሸ ማራቶናዊ ትንተናታትን ፕሮፓጋንዳን የቕርብ።




ፕሮፓጋንዳ ዝመልአ ዕላዊ ደብተር ናይ ህወሓት።

**እቲ ደብተር ዘስፈሮ ማራቶናዊ ትንተናታት ገዲፈ፡ እቲ ኣብ ገጽ 74 ዝርከብ፡ ሕመረትዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተወሃሃደ መጥቃዕትታት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን ኣብ ልዕሊ ጀብሃ፡ እንሆ የቕርበልኩም።**

**<u>ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካበይ፡ ናበይ! ገጽ 74</u>**

**ክልቲኡ ኩናታት ምውህሃዱ (*ህዝባዊ ግንባር ኣንጻር ተሓኤ ብሓደ ወገን፡ ህዝባዊ ወያነ ኣንጻር ተሓኤ ብኻልእ ወገን ማለት'ዩ። ሰመያዊ ቀለም መብርሂ ናይ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ'ዩ።*) ኣብ ተፈጥሮ ናይ'ቲ ኲናት ዘየምፅእ ካብ ኮነ ምውህሃዱ ግን መሪሕነት ተሓኤ እቲ ዝድለ ትምህርቲ ብዝሓጸረ ግዜን ብዝዋሓደ ክሳራን ንክማሃር ዕድል ዝህብ ስለዝኾነ ምውህሃዱ ዝበለፀ ይኸውን። ካብዚ ተበጊሱ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ተሓኤ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ምክልኻል ኲናት ምስ'ቲ ህግሓኤን ተሓኤን ዘካይድዎ ዝነበሩ ካልእ ኲናት ከዋሃህድ ወሲኑ ዝተዋሃሃደ ውግኣት ይጅምር።**

**ካብ *መጀመርያ* 73 (*1980 ግሪጎርያዊ ካላንደር ማለት'ዩ።*) ጀሚሩ ዝተዋሃሃደ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ተሓኤ ተወሲዱ። እዚ ኩሉ እናተገብረ እናሃለወ መሪሕነት ተሓኤ ነቲ ኲናት ጠጠው ኣቢልካ ነቲ ነገር ብሰላምን ፍትሓዊ ኣገባብን ንምውዳእ ብህወሓት ዝቐርበሉ ዝነበረ ተደጋጋሚ መፀዋዕታታት ፈጺሙ ኣብ ግምት ኣየእተዎን። ብህልኸ ኣብቲ ናይ ጥፍኣት መንገዱ ቀፀለ። ኣብ መንጎ ድማ ውሽጣዊ ቅልውላው ተባርዐ እቲ ውድብ ካብ ኤርትራ ክለቅቕ ተገደደ። እዚ እዩ ኔሩ ጉዕዞ ርክብና ምስ ተሓኤን መወዳእትኡን።**

---

***ዕላዊ ደብተር፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካበይ፡ ናበይ! [ገምጋም]፡ ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ዝተወስዱ መጥቃዕትታት ናይ ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን፡ <u>ዝተዋሃሃደ መጥቃዕትታት</u> ምንባሮም፡ ብዕሊ የቐምጥ። ብዝተረፈ፡ ትሕዝቶታት ደብተር ፕሮፓጋንዳን ኢዩ መሊኡ።***

እቲ ዕላዊ ደብተር፡ ህወሓት ኣብ ከይዲ ውግእ፡ "ናብ መሪሕነት ተሓኤ ተደጋጋሚ መጸዋዕታታት ናይ ሰላምን ፍትሕን ዘቕርቦ ዝነበረ . . . "፡ ዝብልና ዘሎ፡ እቲ ደብተር ነቲ ህዝባዊ ወያነ ዝፈጸሞ ኢ-ፍትሓዊ ውግእ፡ ካብ ወድዒ ወጻኢ ኢ-ፍትሓዊ መልሲ ይህበሉ። (ኣብ ላዕሊ፡ ብብጫ ደሚቑ ዘሎ ጽሑፍ ተመልከቱ)። ግርምቢጥ መልሲ ከኣኒ'ዩ።

<u>ሕመረታውያን ጠንቅታት</u>

ህዝባዊ ወያነ ብወገኖም ንጀብሃ ንሓንሳቢትን ንመወዳእታን ናይ ምድምሳስ መጥቃዕቲ ክወስዱ ዝደረኾም ሕመረታውያን ጠንቅታት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1ይ፡ ጀብሃ፡ ልክዕ ከም ህዝባዊ ወያነ ተንቀሳቓሲ ቅዲ ኲናት ዝኽተሉ ብምንባሮም፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝርጋሐ ጌሮም ይንቀሳቐሱ ብምንባሮም፡ ኣብ መንጎ ጀብሃን ህዝባዊ ወያነን ኣብ ዶብ ኢትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ብዙሓት ዓድታት ናይ መሬት ናይ እጀታታት ምስሕሓባት ተፈጥረ።

እቶም ናይ መሬት ናይ እጀታታት ምስሕሓባት፡ ብባህሪኡ ዘይተዓራቒ ግርጭት ኣብ መንጎ ህዝባዊ ወያነን ጀብሃን ፈጠረ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ዘይከም ጀብሃ ወይ ህዝባዊ ወያነ፡ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ግንባር ናቕፋን፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ቀዋሚ ቅዲ ኲናት እሱር'ዩ ዝነበረ። ስለዚ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ጊዜ'ቲ፡ ካብቶም ናይ መሬት ናይ እጀታታት ምስሕሓባት፡ ግሉል ስለዝነበረ፡ ህዝባዊ ወያነ ንህዝባዊ ግንባር ከም ፈታዊ ክተሓባበርዎ ከለዉ ንጀብሃ ግን ከም ጸላኢ ሰርዕዎ። እዚ'ዩ 1ይ ሕመረታዊ ድፍኢት፡ ብወገን ህዝባዊ ወያነ፡ ንዝተዋሃሃደ መጥቃዕትታት ሓንጎፋይ መበሊ።

2ይ፡ ህዝባዊ ወያነን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ዝፈጠርዎ ዝምድና፡ ህዝባዊ ወያነ ዘይተኣደነ ኲለንተናዊ ሓገዛት (ወተሃደራዊ

ስልጠናታት፣ ባህላዊ ምትሕብባር፣ ሕክምናዊ ትምህርቲ . . . ወዘተ) ካብ ህዝባዊ ግንባር ይረኽቡ ነበሩ።

ህዝባዊ ግንባር፣ ነቲ ዝምድና ብግቡእ መዝመዝዎ። ህዝባዊ ግንባር፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ንህዝባዊ ወያነ ሳቹረይትድ ዝደረጅኡ ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ከምዝሓድሮም ገበርዎም። እቲ ብጽልዋ ናይ ህዝባዊ ግንባር ዝመጸ፣ ናይ ህዝባዊ ወያነ ኣመና ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ጀብሃ፣ ንህዝባዊ ወያነ ከሎ ጌና ንደማዊ ግርጭት ቅሩባት ከምዝኾኑ፣ ጌርዎም ነበረ። እዚ 2ይ ሕመረታዊ ጠንቂ፣ ብወገን ህዝባዊ ወያነ ንዝተዋሃሃደ መጥቃዕትታት ነበረ።

<u>*መደምደሚያ*</u>

ህዝባዊ ወያነ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ፣ ነቲ ተጋሪድዎም ዝጸንሐ ጸረ ደሞክራሲያዊ ባህርይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ክርድእዎ ጊዜ ኣይወሰደሎምን። ኣብቲ ኣብ 1982፣ ካብ ፈብሩዋሪ 15 ክሳብ ጁን ዝጻዕጽዐ፣ ናይ ደርግ ሁለ ገብ ኣብዮታዊ ቀይ ኮኮብ ዘመቻ ወይም 6ይ ወራር፣ 5,000 ተጋደልቲ ናይ ህዝባዊ ወያነ ካብ ትግራይ ተጓዒዞም ሳሕል ብምእታው፣ ኣብ ድፋዓት ህዝባዊ ግንባር ተወዚያም፣ ኣንጻር ደርግ ብምውጋእ ንዘመቻ ቀይ ኮኮብ ንኽፈሽል ወሳኒ ግደ ተጻወቱ።

ተኣምር'ዩ ክበሃል ይከኣል፣ ሁለ ገብ ቀይ ኮኮብ ስኣን ቅሩብ ፈሺሉ። ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነ ንእስክላ ደሓኑ። ካብዚ ዓወት ንላዕሊ ግን ቀይ ኮኮብ ንህዝባዊ ወያነ ዓቢ ኮለጅ ኢዩ ዝነበረ። ህዝባዊ ወያነ፣ ንፈለማ ግዜ ህዝባዊ ግንባር መን ምዃኑ? ብደምቢ ፈለጥዎ።

ነቲ ኣያ . . . ጸረ ብርኸዮዋ . . . መሪሕ ህዝባዊ ቃልሲ ዝቖጽርዎ ዝነበሩ ህዝባዊ ግንባር፣ ቅምጥ ኢሉ መርኣዪ ዘይብሉ፣ ዝኻሓነ ጸረ ደሞክራሲ ኣብ ሳሕሉ፣ ባዕሎም ብዓይኖም ረኣይዎ። መን ምዃኑ ድማኒ የዐሪዮም ፈለጥዎ።


***ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ነቶም ጀብሃ፡ ዝበለጹ መተካእታ ደሞክራሲያ፡ ምስዚ ፈጺሙ ኣያ ዘይከነ . . . ምስዚ ህልም ዝበለ ዲክታቶሪያዊ ብርኸዋ . . . ምስዚ ፋሺስታዊ ጸረ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ኢትዮጵያን ዝኾነ ውድብ፡ ዝተዋሃሃደ መጥቃዕትታት ከፈቶም ብምጥቃዕ፡ ናብ ራሳይ፡ ናብ ኮረኮን ከምኡ'ውን ናብ ታህዳይ ዝተባህሉ በረኻታት ሱዳን ጠፊኦም፡ እንደገና ናብ ኤርትራ ከምዘይምለሱ ጌሮሞም።***



***ህዳሴ፡ ሎሚ "ያለምንም መስዋዕትነት ሰተት ብለው ስልጣን ለመያዝ የሚፈልጉ" ኢዮም ኢልና፡ ነቶም ካብ ጀብሃ ሜታሞርፎሲስ ዝገበሩ፡ ናይ ኤርትራ፡ ናይ ተቓውሞ ውድባት ክንወቕሶም ጽቡቕ ኣይኮነን። ታሪኾም ብግቡእ ተረዲእና፡ ነኽብሮም ድኣ።***

***የቐንየለይ።***

Links

***ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ካበይ ናበይ? ብዓይኒ ዳርዌናዊ ሞነት።***
***ብኤርትራዊ ደራሲ ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ዝቐረበ እንኮ ደብተር ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ።***

Contact Haile Menegesha Okbe
Toronto, Ontario, Canada

Phone: 416-858 9305
Email: haileokbe@yahoo.com

**ተፈጸመ፡ ክፋል - 1።**

**ስገሩ ናብ ክፋል - 2**